መዋእለ ህጻናት

Public education
**Discover a world of opportunities**

# ስነፍልጠት: እናተጻወትካ ኣብ ገዛ

## ስነፍልጠት ኣብ ጀርዲን

### ናይ ዳህሰሳ ጸወታታት

- ዝተፈላለየ ነገራት ኣብ’ቲ ጀርዲን ዳህሲስካ ርኸብ:: ክዕጸፉ ዝኽእሉን ዘይክእሉን ነገራት ርኸብ::
- ብመጉልሒ መነጽር ተጠቒምካ ብምድህሳስ ደቅኻ ንዓለም ብኣዝዩ ዝዓበየ ዝርዝር ክርእይዋ ኣኽእሎም::

### ብዓፍራ ጸወታ

- ሳምና ዘለዎ ሕዋስ/ውሁድ ፈሳሲ (ንዓይኒ ዘይጓዳእ)ን ናይ ዓፍራ ዘንጊን ጥራይ ኢኹም ትደልዩ! ዝተፈላለየ ዓይነት ዘንጊ ካብ መጽረይ ቱቦታት ክትሰርሑ ትኽእሉ:: ዓፍራ ክትቆልቡ ፈትኑ:: ከም’ዚ ዓይነት ሕቶታት ከኣ ሕተቶም: *ነቶም ዓፍራታት ከንሳፍፉ ዘኽእሎም እንታይ’ዩ? ን ነቶም ዓፍራታት ክትኮሱ ዝገብሮም እንታይ’ዩ?*
- ደቅኻ ዓፍራ ኣብ ኣየር ክሳብ ክንደይ ክጸንሕ ክገብርዎ ከምዝኽእሉ ተዓዘብ::
- ደቅኻ ኢዶም ኣብ’ቲ ሕዋስ ፈሳሲ ዓፍራ ብምእታው ዓፍራ ክሰርሑ: ብዓባይቶምን ካልእ ኣጻብዕቶምን ንኣሽቱ ክብታት እናፈጠሩ: ቀጺሎም ከኣ በተን ክብታት ኣየር ከምዝነፍሑ ግበሮም::
- ኣብ ናይ ፕላስቲክ መንጸፍ ሕዋስ ፈሳሲ ዓፍራ ሓውስ:: ደቅኻ ብመምጺይ በትሪ ኣየር እናነፍሑ ነቲ ሕዋስ ፈሳሲ ፈቐድኡ ከምዘንቀሳቕስዎ ግበር:: ዓፍራ ኣብ ውሽጢ ዓፍራ ክትሰርሑ ፈትኑ::

### ጸወታ ኣብ ጀርዲን

- ንእሽቶ ቃጽያ ጀርዲን ፍጠር:: ዘርእታት ኣሕምልቲ: ዘርእታት ዕምባባን ፈልስታትን ትኽል:: ምስ ግዜ ክዓብዩ እንከለዉ ተዓዘብ ምስ ደቅኻ ብዛዕባ እዞም ለውጥታት ተዘራረብ::

> ሽኮር ድንሽ የዕቢ:: ኣብ’ቲ ናይ ጠርሙስ ዕትሮ ማይ ወስኽሉ:: እቲ በሊሕ ጫፍ ናይ’ቲ ሽኮር ድንሽ ናብ’ቲ ማይ ከምዝበጽሕ ብምርግጋጽ ነዚ ሽኮር ድንሽ ኣብ ኣፍ ናይ’ቲ ዕትሮ ኣቐምጦ (ኩሉ ግዜ እቲ ሽኮር ድንሽ ማይ ምትንካፉ ኣረጋግጽ):: እቲ ሽኮር ድንሽ ኣብ’ቲ ዕትሮ ደው ኢሉ ክዓቢ መታን ክሕግዞ መሰቕሰቒ ዕንጨይቲ ተጠቒምካ ሱኽዓዮ:: ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልታት ሰራውርን ጉንዲን ክርኣዩ’ዮም::

### ምሸት

- ናይ ምሸት ሰማይ ተዓዘብ:: ብርሃን እናጥፋእካን እናወላዕካን ደቅኻ ክንደይ ከዋኽብቲ ክርእዩ ከምዝኽእሉ ርአ:: ዝተፈላለዩ እኩባት ከዋኽብቲ ፈሊኻ ኣመልክት::



Department of Education

ዝያዳ ጽሑፋት
ብዛዕባ ትምህርቲ ኣብ ገዛ ኣብ
education.wa.edu.au ክትረኽቡ ኢኹም።

© Department of Education, Western Australia, 2015
CC BY